Tigrigna - Number 18d
June 2022

# ክታበት ቲታነስ ግሎቡሊን
# Tetanus Immune Globulin

## ክታበት ቲታነስ ግሎቡሊን እንታይ እዩ?

ክታበት ቲታነስ ግሎቡሊን (TIg) ኣንጻር እቶም ቴታነስ (ሎክጃው) ዘስዕቡ ባክተርያ ቅልጡፍን ናይ ሓጺር ግዜን መከላኸሊ ይህብ። TIg ካብ ዝተለገሰ ደም ሰብ ዝተወሰዱ ብበዝሒ ጸረ-ኣካላት ዝሓዘ እዩ። ጸረ-ኣካላት፣ ስርዓተ-ምከልኻል ናይ ሓደ ሰብ፣ ከም ባክተርያን ቫይረሳትን ዝኣመሰሉ ጀርምታት ንምምካት ዝሰርሖም ፕሮቲናት'ዮም።

TIg ብጥዕና ካናዳ ዝጸደቐ እዩ።

## ክታበት ቲታነስ ግሎቡሊን ውሑስ ድዩ?

እወ። TIg ካብ ዝተለገሰ ደም ሰብ ዝዳሎ ኮይኑ ድሕንነቱ ዝምርመር እዩ። ኩሎም ለገስቲ ደም ንከም ኤችኣይቪ ን ሄፓታይተስን ዝኣመሰሉ ቫይረሳት ዝተቓለዑ ከይኾኑ ይምርመሩ። ነፍሲ ወከፍ ልገሳ ደም ቅድሚ TIg ምግባር ምጥቃም ብደም ዝመሓላለፉ ቫይረሳት ከምዘለዉ እውን ይምርመር። TIg ኣብ ምድላው ብዙሓት ኬሚካላውን ፊዚካላውን ስጉምትታት ይካተቱ። እዞም ስጉምትታት እዚኦም:- ሕማም ከስዕቡ ዝኽእሉ ቫይረሳትን ባክተርያን ዘይምንቅስቓስን ምእላይን ይርከብዎም። ናይ መወዳእታ ምድላው TIg ዝያዳ ምርመራ ብምግባር ዝፍለጡ ተላበድቲ ቫይረሳት ከምዘየለዉ ንምርግጋጽ ይግበር። ይኹን እምበር፣ ገለ ብደም ዝመሓላለፉ ረኽስታት ብመንገዲ ኣጠቓቕማ TIg ናይ ምሕላፍ ሓደጋ ኣዝዩ ውሑድ እዩ። ምርመራን ምፍላይ ደም ካብ ዝጀምር ኣትሒዙ፣ ኣብቶም TIg ዝወሰዱ ሰባት ብደም ዝመሓላለፉ ረኽሲታት ከም ኤችኣይቪ፣ ሄፓታይተስ ቢ ወይ ሄፓታይተስ ሲ ከምዘለዎም ዝሕብር ጸብጻብ የለን።

## ክታበት ቲታነስ ግሎቡሊን ክረክብ ዘለዎ መን እዩ?

ኣላዪ ክንክን ጥዕናኻ ቁስሊ እንተሃሊዩካን ትሕቲ 3 መጠን ክታበት ቲታነስ እንተሃሊዩካን ወይ ታሪኽ ክታበትካ እንተዘይተፈሊጡን TIg ክህበካ ይኽእል እዩ። TIg ነዞም ዝስዕቡ ዓይነታት ቁስሊ ንዘለዎም ሰባት ይምከር:-

- ረሳሕ ቁስሊ (ንኣብነት ብርስሓት፣ ሰገራ፣ ሓመድ ወይ ምራቕ ዝተበከለ)
- ናይ ምብንጫር ቁስሊ
- ናይ ስንባደ ቁስሊ (ምንዳድ፣ በረድ ወይ ምጭፍላቕ)

ስርዓተ ምክልኻልካ ዘደኸመ እንተኾይኑ ዋላ 3 ወይ ልዕሊኡ መጠን ክታበት ቲታነስ እንተተቐበልካ TIg ክወሃበካ ይኽእል እዩ።

ብተወሳኺ ንነዊሕ-እዋን ኣንጻር ቲታነስ ዝከላኸል TIg ክትረክብ ከለኻ ክታበት ቲታነስ ክወሃበካ ይኽእል እዩ። ንተወሳኺ ሓበሬታ HealthLinkBC File #18a Tetanus and Diphtheria (Td) Vaccine. ርአ።

## ክታበት ቲታነስ ግሎቡሊን እንታይ ረብሓታት ኣለዉዎ?

TIg ቅልጡፍ፣ ናይ ሓጺር-ግዜን መከላኸሊ ኣንጻር ረኽሲ ይህብ። ሕማም ክከላኸል ወይ ድማ ነቲ ሕማም ከም ዝንኪ ክገብሮ ይኽእል እዩ።

## ድሕሪ ክታበት ቲታነስ ግሎቡሊን ከመጽኡ ዝኽእሉ ግብረ-መልስታት እንታይ እዮም?

ልሙዳት ግብረ-መልሲ ንTIg ኣብቲ ክታበት ዝተዋህበሉ ቦታ ረስኒን ቃንዛን ከጠቓልል ይኽእል እዩ።

ገለ ክታበታት ግሎቡሊን ብፍላይ ዕብዪ መጠን ምስ ዝወሃቦም ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ምስ ሓደጋ ትሮምቦሲስ (ምረጋግእ ደም) ክተሓሓዙ ይኽእሉ እዮም። ሓደጋ ትሮምቦሲስ ኣብዞም ዝስዕቡ ይውስኽ:-

- ዕድሚኦም 45 ዓመትን ልዕሊኡን ንዝኾኑ
- ናይ ትሮምቦሲስ ታሪኽ ዘለዎም
- ምስ ረቛሒታት ትሮምቦሲስ ሓደጋ ዘለዎም

> ኣሰታሚኖፈን (ንኣብነት ታይለኖል®) ወይ ኢብዩፕሮፈን (ንኣብነት ኣድቪል®) ንረስኒ ወይ ቃንዛ ኽስምዓካ ኸሎ ክወሃብ ይኽእል እዩ። ASA (ንኣብነት ኣስፓሪን®) ጠንቂ ሕማም ረይ ሲንድሮም ክኸውን ስለ ዝኽእል ትሕቲ 18 ዓመት ንዝዕድሚኡ ዝኾነ ይኹን ሰብ ክወሃብ የብሉን።

*ኢቡፕሮፈን ንትሕቲ 6 ወርሒ ዝዕድሚኦም ህጻናት መጀመርታ ምስ ኣላዪ ክንክን ጥዕናኻ ከይተዘራረብካ ክወሃብ የብሉን።

ብዛዕባ ረይ ሲንድሮም ዝበለጸ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ ኣብ HealthLinkBC File #84 Reye Syndrome. ርአ።

ዝኾነ ይኹን ኽታበት ድሕሪ ምውሳድካ ን15 ደቓይቕ ኣብቲ ክሊኒክ ምጽናሕ ኣገዳሲ እዩ፣ ምኽንያቱ ኣዝዩ ሳሕቲ ዝረአ ተኽእሎ ኣሎ፣ ካብ ሚልዮን ትሕቲ 1፣ ኣናፊላክሲስ ዝበሃል መፍርሒ-ህይወት ኣለርጂክ ግብረ-መልሲ ኣሎ። እዚ ድማ ቆፎ ኣፍልቢ፣ ጸገም ምስትንፋስ ወይ ምሕባጥ ጎሮሮ፣ መልሓስ ወይ ከንፈር ከጠቓልል ይኽእል እዩ። እዚ ግብረ-መልሲ እንተተፈጢሩ፣ ኣላዪ ክንክን ጥዕናኻ ክሕክሞ ይኽእል እዩ። ህጹጽ ሕክምና ኤፒነፍሪን (ኣድሪናሊን) ምምሕዳርን ብኣምቡላንስ ናብቲ ዝቐረበ ክፍሊ ህጹጽ ረድኤት ምትሕልላፍን የጠቓልል። ካብቲ ክሊኒክ ምስ ወጻእካ ምልክታት እንተተራእዮምካ፣ ናብ **9-1-1** ወይ ናብቲ ናይ ከባቢኻ ህጹጽ ቁጽሪ ደውል።

ኩሉ ግዜ ከቢድ ወይ ዘይተጸበኻዮ ግብረ-መልሲ ኣብ ጥዕናኻ ኣብ ዘጋጥመካ ንወሃቢ ክንክን ጥዕናኻ ጸብጻብ ምሃብ ኣገዳሲ እዩ።

## ቲታነስ ክታበት ግሎቡሊን ክወስድ ዘይብሉ መን እዩ?

እዞም ዝስዕቡ እንተሃልዩካ ምስ ኣላዪ ክንክን ጥዕናኻ ተዘራረብ፦

- ቅድሚ ሕጂ ዝኾነ ናይ ምክልኻል ግሎቡሊን ወይ ዝኾነ ክፋል ናይ ቲታነስ ናይ ምክልኻል ግሎቡሊን ንዝተዋህበ መጠን ንህይወት ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ምላሽ እንተነይርካ
- ሕጽረት ዝተነጸለ ኢሙኖግሎቡሊን ኤ ዝበሃል ኩነታት እንተነይርካ
- ታሪኽ ትሮምቦሲስ ወይ ንትሮምቦሲስ ሓደጋ ዘስዕቡ ረቛሒታት እንተሃልዮምኻ
- ኣብ ዝሓለፉ 14 መዓልታት ኣንጻር ሕማም ንፍዮ፣ ዕንፍሩር፣ ሩቤላ ወይ ፍሮማይ ክታበት ተገይርልካ እንተነይሩ

ብሰንኪ ሰዓል ወይ ካልእ ቀሊል ሕማም ክታበት ምድንጓይ ኣየድልን። ይኹን እምበር፣ፈኲስ ስክፍታታት እንተሃልዩካ ምስ ኣላዪ ክንክን ጥዕናኻ ተዘራረብ።

## ቲታነስ እንታይ እዩ?

ቲታነስ፣ ሎክጃው ተባሂሉ ዝፍለጥ ኮይኑ፣ መብዛሕትኡ ኣብ ሓመድ ብዝርከብ ባክተርያ ዝመጽእ እዩ። እቶም ባክተርያ ብመቑረጺ፣ ምሕራር ወይ ብቑስሊ ናብ ቆርበት ምስ ዝኣትዉ፣ ኣብ ምሉእ ኣካላትና ዝርከቡ ጭዋዳታት ብቃንዛ ዝመልኦ ምጽቃጥ ከስዕብ ዝኽእል መርዚ የፍርዩ። ጭዋዳታት ምስትንፋስ እንተተተንኪፎም ኣዝዩ ከቢድ እዩ። ካልኦት ምልክታት ቲታነስ ድማ ሕማም ርእሲ፣ ጸገም ምውሓጥ፣ ዘወርወር ምባል፣ ረስኒን ረሃጽን፣ ልዑል ጸቕጢ ደምን ቅልጡፍ ውቅዒት ልብን ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ካብ 5 ሰባት ቲታነስ ዝተትሓዙ ክሳብ 1 ክመውት ይኽእል።

## ብሱል ንእሽቶይ ፍቓድ

ወለዲ ወይ ኣለይትን ደቆምን ንኽታበት ፍቓድ ንምርካብ ክመያየጡ ይምከር። ትሕቲ 19 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት፣ ንነፍሲ ወከፍ ኽታበት ዘለዎ ረብሓን ክህሉ ዝኽእል ግብረ-መልስን ከምኡ'ውን ክታበት ናይ ዘይምኽታብ ከምጽኦ ዝኽእል ሓደጋን ክርድኡ ዝኽእሉ፣ ብሕጋዊ መንገዲ ክታበት ክሰማምዑ ወይ ክነጽግዎ ይኽእሉ እዮም። ብዛዕባ ብሱላት ንኣሽቱ ፍቓደኛ ምኳን ተወሳኺ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ ኣብ [HealthLinkBC File #119 The Infants Act, Mature Minor Consent and Immunization](https://www.healthlinkbc.ca/healthlinkbc-files/infants-act-mature-minor-consent-and-immunization). ርአ።

## ንተወሳኺ ሓበሬታ

ብዛዕባ ኽታበት ተወሳኺ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ ኣብ ImmunizeBC [https://immunizebc.ca/](https://immunizebc.ca/).. ርአ።

---

ንተወሳኺ ኣርእስታት ፋይል HealthLinkBC፣ ኣብ [www.HealthLinkBC.ca/more/resources/healthlink-bc-files](https://www.HealthLinkBC.ca/more/resources/healthlink-bc-files) ወይ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ክፍሊ ህዝባዊ ጥዕና ተወከስ። ንዘይህጹጽ ናይ ጥዕና ሓበሬታን ምኽርን ኣብ B.C. ንምርካብ፣ ኣብ [www.HealthLinkBC.ca](https://www.HealthLinkBC.ca) ተወከሱ ወይ ብ **8-1-1** (ነጻ ቴሌፎን) ደውል። ንምስማዕ ዝተሰኣኖን ናይ ምስማዕ-ጸገም ዘለዎምን ሓገዝ ንምርካብ ብ **7-1-1** ደውል። ኣገልግሎት ትርጉም ብልዕሊ 130 ቋንቋታት ብዝሓተትካዮ ክርከብ ይኽእል እዩ።